# *<u>ህዝቢ ኤርትራ ዝወረሶ ውርሻ።</u>*

*ህ/ ግንባር ዘውረሶ ንህዝቢ ኤርትራ፥*
*ሰንደቕ ዓላማ ጥራሕ ኣይኮነን ባንደራ፥*
*ነጻነት ጥራሕ ኣይኮነን ሜሬት ምውጻእ ሓራ፥*
*ብዙሕ ነገር'ዩ ኣውሪሱ ኣብ መስርሕ ሰውራ።*

*ትብዓት ኣውሪሱ ንቕሓት ሚሂሩ፥*
*ሓድነት መስሪቱ ፍቕሪ ደሚሩ፥*
*ማዕርነት ኣስፊኑ ድሕረት ቀቢሩ፥*
*ህ/ ግ ብዙሕዩ ንህዝቡ ጌሩ።*

*ነንበይኑ ኣረኣእያ ከም ማእዶ ኣሲሩ፥*
*ፍጹ ክወሃሃድ ኣብ ቁራዕ ኣብሲሉ፥*
*ክሳብ ዝዀላዕ ወርቂ መሲሉ፥*
*ህዝባዊ ግንባር ብዙሕዩ ጌሩ።*

*ትርግታ ህዝቡ ሰሚዑ ኩሉ፥*
*ዝእረ ኣርዩ ክርዳድ ዘይብሉ፥*
*ዝጽጸ ጸጽዩ ጉሒፉ ገፊሉ፥*
*ሓፋሽ ክሳብ ዝውደብ ምእንቲ መሰሉ።*

*ሕሙም ክሓዊ እናፈወሰ፥*
*ህጻናት ክማሃሩ እና ኮስኮሰ፥*
*ስድራ ቤታት ኣብስቱር እናጣየሰ፥*
*ህዝባዊ ግንባር'ሞ እንታይ'ዩ ዘየውረሰ፥*

*ነባሪ ዝኸሪ ንሰማእታትና፥*
*ዓወት ንሓፋሽ፥*